ሰውራዊ ዲሞክራሲያዊ ግንባር ኤርትራ

الجبهة الديمقراطية الثورية الاريترية

**ERITREAN REVOLUTIONARY DEMOCRATIC FRONT**

# ደምዳሚ መግለጺ

## 3ይ-ስሩዕ ኣኼባ ማ/ሽማግለ

## ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ (ሰደግኤ)

3ይ-ስሩዕ ኣኼባ ማ/ሽማግለ ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ(ሰደግኤ)፡ ካብ 06 ክሳብ 09 ሕዳር 2011 ተሰላሲሉ። 3ይ-ስሩዕ ኣኼባ ማ/ሽማግለ ኣብ ፍሉይ ታሪኻዊ እዋን እዩ ተኻይዱ። ኣኼባ ማ/ሽማግለ ዝተሰላሰለሉ እዋን፡ ኣብ ሰሜን ኣፍሪቃን ማ/ምብራቕን ዝተወልዐ ህዝባዊ ናዕብታት፡ ብክቡር መስዋእቲ ህዝብታት ታሪኻዊ ዓወታት እናተመዝገቡ ንቕድሚት ዝምርሹሉ ዘለዉ እዋን እዩ። ኩነታት ሃገርና ብዝምልከት ድማ፡ ንልዕሊ 20 ዓመታት ብጨካን ፋሽስታዊ ኣገዛዝኣ፡ ንህዝብታትና ክጭቁን ዝጸንሐን ዘሎን ስርዓት ኢሳይያስ፡ ብሃፈጽታ ህዝባዊ ናዕብታት ብራዕዲ ተዋሒጡ ንግናይ ምስሉ ክሓብእ፡ ንዓመታት ብንዕቀትን ብደዐን ክዝልፎምን ከናሽዎምን ዝጸንሐ፡ ዓለማዊ፣ ኣህጉራውን ከባብያውን ውድባትን መንግስታትን "ዝብኢ ክሳብ ዝደሉዎ ይሕንክስ" ከም ዝበሃል፡ ብተበላጺ መርሆኡ ኣብ ብርኮም ወዲቑ ክልምኖም ብሓደ ወገን፡ ህዝብታትና ኣብ ልዕሊ ፋሽስታዊ ስርዓት-ምሕደራ ህግደፍ ጽልኦም ኣብ ዝለዓለ ጥርዚ ኣብ ዝበጽሓሉን ግብራዊ ተቓውሞታት ኣብ ዝቕልቀሉሉ እዋን ድማ በቲ ካልእ ወገን እዩ፡ ተሰላሲሉ።

3ይ-ስሩዕ ኣኼባ ማ/ሽማግለ ዝተኻየደሉ እዋን ፍሉይ ዝገብሮ ካልእ ኣገዳሲ ጉዳይ ድማ፡ ኣብ ጽባሕ ምምስራት ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባርን ኣብ ድሮ ምግባእ ናይ'ቲ ንልዕሊ ሓደ ዓመት ምድላው ክካየደሉ ዝጸንሐ ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ዝተኻየደ ብምዃኑ እዩ።

ማ/ሽማግለ ውድብና፡- ዓለማዊ ኩነታት፣ ዞባውን ከባብያውን ኩነታት ኣብ ደሞክራስያዊ ቃልስና ዘለዎም ጽልዋ ገምገመ። ሓይሊ ጸጥታ መንግስቲ ሱዳን፡ ነቶም ካብ መንጋጋ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ኣምሊጦም መሬት ሃገሩ ዝረገጹ 300 ኤርትራውያን፡ ንፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ኣሕሊፉ ምሃቡ ዝተሰመየ ዓሚቕ ጓሂ ገለጸ። መንግስቲ ሱዳን ካብ ከምዚ ዝኣመሰለ ዘይሰብኣዊ ተግባራት ክቖጠብ፡ ማሕበረሰብ ዓለምን ተማበቕቲ ሰብኣዊ መሰላትን ድማ፡ ንድሕንነት ስደተኛታት ኤርትራውያን ግቡእ ቱኽረት ክህቡሉ ኣዘኻኸረ።

ኣብ ሃገራዊ መዳይ፡- ህልው ኩነታት ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ፣ ኩነታት ህዝብታትና፣ ኩነታት ሓይሊ ተቓውሞ፣ መስርሕ ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ለውጥን ውድባዊ ኩነታትናን ብዕምቆትን ብስፍሓትን ገምጊሙ ኣገደስቲ ፖሎቲካዊ ውሳኔታት ኣመሓላለፈ።

ማ/ሽማግለ ሰደግኤ፡ ኣብ'ቲ ንህሉው ኩነታት ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ዘካየዶ ዓሚቕ ገምጋም፡ እዚ ስርዓት'ዚ፡ ካብ ማንም እዋን ንላዕሊ ጥርዚ-ጭካነ ምሕደርኡ፡ ኣብ ዝኸፍአ ብርኪ ዝበጽሓሉ፡ ብህዝብታትና ተፈንፊኑ ዝተኻዕበሉ ኩነታት ምህላዉ፡ ተቓውሞ ህዝብታትና ብሓፈሻ፡ መንእሰያትና ድማ ብፍላይ፡ ንዓመታት ኣብ ከርሶም ዝዓቘሩዎ መሪር ጽልኢ እናገንፈለ ቅሉዕ ተቓውሞኦም ኣብ ልዕሊ መራሕቲ ህግደፍን ኮራኹሮምን ዝገልጹሉን ናብ ጥምጥም ዝኣትዉሉ ናይ ቃልሲ ምልዕዓል እናማዕበለ ይመጽእ ምህላዉ ተገንዘበ። ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ፡ ህዝብታትና እናቐበጹዎን ብውሽጡ ድማ እናቦኽበኸ ይኸይድ ምህላዉ ብተግባር ብምግንዛቡ፡ ኩሎም ዕድመ ስልጣኑ ንምንዋሕ ይጠቕሙኒ እዮም ዝብሎም ናይ ሽሕጣን፣ ምድንጋርን ምምስሳልን ስልትታት ብሓደ ወገን፡ ናይ ምፍርራሕን ራዕድን ተግባራት በቲ ካልእ ወገን፡ እናተኸተለ ይኸይድ ምህላዉ ገምገመ። ህዝብታትና ብሓፈሻ፡ መንእሰያትና ድማ ብፍላይ፡ ኣብ ውዑይ ናይ

ቃልሲ ጥምጥም እናኣተዉ ኣብ ዝኸዱሉ ዘለዉ እዋን፡ ትጽቢቶም ካብ ሃገራዊ ጉባኤ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ እናበረኸ ምምጽኡ ኣስተውዓለ።

3ይ-ስሩዕ ኣኼባ ማ/ሽማግለ፡- ኣብ መወዳእታ ናይ'ዚ ወርሒ'ዚ ዝሰላሰል ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ለውጢ፡ ኣብ መስርሕ ዲሞክራስያዊ ቃልስና፡ ናይ መጀመርታን ናይ መወዳእታን ዕድልና ዝውስን ከምዘይኮነ፡ ኣብ ተሞኩሮና ከም ፈላሚ ዓብይ ፖሎቲካዊ መድረኽ መጠን ዓቕሚ ህዝብታትናን ሓይሊ ተቓውሞን ብናይ ሓባር ኣረኣእያ ተወሃሂዶም፡ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ኣብ ምውጋድ ኣወንታዊ ዝላ ኣብ ምምዝጋብ ኣገዳሲ ብጽሒት ከምዝህልዎ ዘለዎ እምነት ኣቐመጠ። ኣብ ሃገራዊ ጉባኤ ዝቐውም ሓባራዊ ባይቶ፡ ቅርጡውን ተዋጽኦ ኩሎም ኣካላት ሕብረተሰብና ዘካተተ፣ ንድሌታት ኩሎም መሻርኽቲ ዝውክል፣ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ኣብ ምውጋድ፡ ዓቕምታት ሓይሊ ተቓውሞን ህዝብታትናን ናይ ምውህሃድን ምምራሕን ሓላፍነት ዝሸከም ኣካል ክኸውን ከምዝግባእ ይኣምን። ድሕሪ ውድቀት ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ፡ ፖለቲካዊ ስልጣን ብድምጺ ህዝብታትና ጥራሕ ዝውሰን ምዃኑ፡ ብሃገራዊ ጉባኤ ዝቐውም ስልጣን ድማ ናብ'ዚ ድረጃ'ዚ ኣብ ምብጻሕ ብጽሒቱ ከልዕል ታሪኻዊ ሓላፍነት ዝንበረሉ፣ በብእዋኑ ዝምዕብል፣ ዝሕደስን ዝለዋወጥን መቃለሲ ባይታ ምዃኑ ዘለዎ ጽኑዕ እምነት ኣስሚሩሉ ሓለፈ። ስለዝኾነ'ውን ሓይልታት ተቓውሞ፣ ሲቪክ ማሕበራትን ነጻ ኣባላት ህዝብን ኣብ ሃገራዊ ጉባኤ ዝቐውም ሓባራዊ መሪሕነት ኣብ ምልላይ ብሓላፍነታዊ መንፈስ ክመኻኸሩ ጸውዐ። ብተመሳሳሊ፡ ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራሲያዊ ለውጢ ኣብ ክሊ ዝተነጸረ ታሪኻዊ ሓላፍነቱ ጥራይ ክዋሳእ ከም ዘለዎ ብምምልካት፡ ኣብ ዘይእዋኑ ንዝለዓል ዘሎ ሕቶ ቅዋም ግቡእ መወገኒ ክገብረሉ ከም ዝግባእ ብኣጽንኦት ኣተሓሳሰበ።

ማ/ሽማግለ ሰደግኤ፡- ካብ ጽባሕ ሃገራዊ ዋዕላ ጀሚሩ ክሳብ ሎሚ፡ ዕዉት ሃገራዊ ጉባኤ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ፡ ብንቑሕን ሰፊሕን ናይ ህዝብታትና ተሳትፎ ንምስልሳል ጻዕርታት ዘካየዱ ኣባላት ሃገራዊ ኮምሽን፣ ናይ ህዝቢ ሽማግለታትን ፖሎቲካዊ ውድባትን ምስጋንኡ ገለጸ። ኣብ ክሊ'ዚ ብሓደ ሓደ ፖሎቲካዊ ውድባት ሃገራዊ ጉባኤ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ኣብ ረብሓኦም ንምውዓል፡ ናይ ህዝቢ ድምጺ ኣብ መስርሕ ምርጫ ንምሽማው ዝተኸተሉዎ ኣንፈት ብሓደ ወገን፡ ሃገራዊ ጉባኤ ካብ ዝተወሰነሉ ዕለት ክመሓላለፍ ዘዕረፉዎ ተጽዕኖ ድማ በቲ ካልእ ወገን፡ ነቐፌታዊ ትዕዝብቱ ኣንበረ። ፈጻሚት ኣካል ኮምሽን፡ ብተጽዕኖ ሹዱሽተ ኣባላት ውድባት ኤዲኪ፡ ንሃገራዊ ኮምሽንን ኩሎም መሻርኽቲ ወገናትን ከይተወከሰን ከየማኸረን ዕለት ሃገራዊ ጉባኤ ብሃንደበት ምስግጋሩ፡ ቅቡል ምኽንያት ዘይቀረበሉን ሕጋዊ ኣገባብ ዘይተኸተለ ብምዃኑ፡ ንመጻኢ ተመሳሳሊ ድኽመት ከይድገም ግቡእ ነቐፌታዊ ገምጋም ክግበረሉ ኣዘኻኸረ። ንውክልና ነጻ ህዝቢ ኣብ ሃገራዊ ጉባኤ ብዝምልከት ኣብ ዘካየዶ ገምጋም፡ ብመሰረት ውሳኔ ሃገራዊ ኮምሽን 60% ድምጺ ህዝቢ(ነጻ ካብ ፖሎቲካዊ ውድባት) ክኽበር ከምዝግባእ ዘለዎ እምነት ኣቐመጠ። ፈጻሚት ኣካል ኮምሽን፡ ውክልና ውድባት ኣብ ምውሳን ዝተኸተሎ ኣንፈት ኣብ ቅኑዕ መዐቀኒታት ዘይተመስረተ፣ ፍትሓውነት ዝጎደሎን፡ ኤዲኪ ኣብ ሃገራዊ ዋዕላ ካብ ዝተኸተሎ ዘይቅኑዕ ኣተዓዳድላ ብመሰረቱ ከምዘይፍለ ገምጋሙ ኣቐመጠ። መኣረምታ ክግበረሉ ድማ ጸውዒቱ ኣመሓላለፈ።

ማ/ሽማግለ ሰደግኤ፡- ብሃንደበታዊ ምስግጋር ሃገራዊ ጉባኤ ክፍጠር ዝኽእል ዝነበረ ጸገማት ሓደግኡ ተገንዚቦም፡ ኩሉ ዓይነት መስዋእቲ ብምኽፋል፡ ኣብ ሃገራዊ ጉባኤ ክሳተፉ ዝተዳለዉ ወከልቲ ነጻ ህዝቢ፣ ሲቪክ ማሕበራትን ፖሎቲካዊ ውድባትን ደገፉን ናእድኡን እናገለጸ፡ ኣብ መድረኽ ሃገራዊ ጉባኤ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ፡ ንጸቢብን ጉጅላውን ሒሳባት ብምስዓር፡ ዲሞክራስያዊ ቃልስና ናብ ዝበረኸ ደረጃ ዝሰጋገረሉ ኩነታት ንምፍጣር ብሓባር ዓቲብና ክንቃለስ ጸወዐ። ውድብና ሰደግኤ ድማ ካብኡ ዝጥለብ ኩሉ ከም ዘበርክት ኣረጋገጸ።

3ይ-ስሩዕ ኣኼባ ማ/ሽማግለ ሰደግኤ፡ ንመስርሕ ምስረታ ኤርትራ ደሞክራስያዊ ግንባር ብዕምቆት ድሕሪ ምግምጋም፡ ኣብ መስራቲ ጉባኤ ዝጸደቐ ሰነዳት ፖሎቲካዊ ቻርተር፣ ሕገ-ህንጻን ፖሎቲካዊ ውሳነታትን ብሙሉእ ልቢ ብምቕባል፡ ውሽጣዊ ምትእምማን ውድባት ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኣብ ምጥንኻር ይኹን ንምስፍሑ ኣብ ዝካየድ ቃልሲ ግቡኡ ክፍጽም ድልውነቱ ኣረጋገጸ። ዕማማት ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር(ኤደግ) ገዛእትን ብቐዳምነት ዝስርዑን ክኾኑ ከምዘለዎም ብምእማን፡ ኣብ ውድባዊ ንጥፈታቱ ምስ'ዚ ዝሳነ ምትዕርራይ ከካይድ ወሰነ።

3ይ-ስሩዕ ኣኼባ ማ/ሽማግለ ሰደግኤ፡- ኣብ ሕቶ ሓድነትን ምሕዝነትን ህዝባዊ ደሞክራስያዊ መደብ ዕዮ ዝወነኑ ፖሎቲካዊ ውድባት ኣመልኪቱ፡ ዓሚቕን ሰፊሕን ገምጋም ኣካየደ። ውድብና ሰደግኤ፡ ሕቶ ሓድነት ኣብ ተመሳሳሊ መደብ ዕዮ ጥራሕ ከም ዝምስረት ብምእማን፡ ኣብቶም በብእዋኑ ዝሕንጸጹ ፖሊሲታት፣ ስልትታትን ተግባራዊ ምንቅስቓሳትን ዝኽሰቱ ፍልልያት ግቡእ ክብደት ኣብ ምሃብ፡ ዝነበሩዎ ሕጽረታት በሊሕ ነቐፌታዊ ገምጋም ኣካየደ። ሕቶ ሓድነት ፖሎቲካዊ ውድባት፡ ናይ ፖሎቲካዊ ፕሮግራምን ጭቡጥ ተግባራዊ ንጥፈታቶምን እኩብ ድምር ውጽኢት'ምበር፡ ነንበይኖም ፈላሊኻ ክርአ ከምዘይብሉ ብንጹር ኣቐመጠ። ስለዝኾነ'ውን ሕቶ ሓድነት ፖሎቲካዊ ሓይልታት፡ ፖሎቲካዊ መደብ ዕዮን ካብኡ ዝብገሱ ፖሊሲታት፣ መርገጺታትን ጭቡጥ ተግባራዊ ምንቅስቓሳትን መሰረት ዝገብር ምዃኑ ብምእማን፡ ንተግባራውነቱ ብዕቱብነት ክቃለስ ወሰነ።

3ይ-ስሩዕ ኣኼባ ማ/ሽማግለና፡- ኢ.ህወደግ፣ ፌደራላዊ ዲሞክራስያዊ መንግስቲ ኢትዮጵያን ህዝብታት ኢትዮጵያን ኣብ ጎድኒ ህዝብታት ኤርትራ ደው ኢሎም እናበርከቱዎ ዝመጹ ምድግጋፍ ብሓፈሻ፡ ክሳብ 651 ተማሃሮ ኤርትራውያን፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ዩኒቨርስታት ኢትዮጵያ ናይ ትምህርቲ ዕድል ምኽፋቶም ድማ ብፍላይ፡ እናመስገኑ፡ ካብ'ዚ ንላዕሊ፡ መራሕቲ ሓይልታት ተቓውሞ፣ ሙሁራትን ሞያውያንን ኤርትራውያን፡ ኣብ ህሉዋት ጸገማት ህዝብታትናን መፍትሒታቶምን ሓባራዊ እምነት ክውንኑን ሓድነታ ዝሓለወት ዲሞክራስያዊት ኤርትራ ንምህናጽ ኣብ እነካይዶ ዘሎና ዲሞክራስያዊ ቃልሲ፡ ፖሎቲካዊ ደገፍ ምሃቦም ምስጋንኡ ገለጸ። ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራሲያዊ ለውጢ ንምዕዋት ተታሓሒዝናዮ ዘሎና ዓብይ ዕማም ኣብ ምፍጻም ልሙድ ምትሕብባሮም ከይፍለየና ጻውዒቱ ኣመሓላለፈ።

3ይ-ስሩዕ ኣኼባ ማ/ሽማግለ ውድብና፡ ኣብ ዝሓለፉ ሸሞንተ ወርሓት ዝተዓመሙ መደባት ቤት ጽሕፈታት ተመያየጠ። ንዝተኻየዱ ኣወንታዊ ንጥፈታት ብምንኣድ፡ ዝተረኣዩ ሕጽረታት ብምንቃፍ፡ ኣገደስቲ ፖሎቲካዊ ውሳኔታት ብምምሕልላፍ፡ ንመጻኢ ሸውዓተ ወርሓት ዝዕመሙ መደባት ብምሕንጻጽ፡ ካብ ውሽጡ ፖሎቲካዊ ቤት-ጽሕፈት ብምምራጽ ኣኼብኡ ብዓወት ዛዘመ።

**ሰውራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር ኤርትራ(ሰደግኤ)**
09 ሕዳር 2011